# ምቅርራብ ንበዓለ ኪዳነ ምሕረት

ንባብ፡ ሉቃስ 3፡2-14።

ጎደና እግዚአብሔር ጽረጉ መገድታት እውን አቕንዑ፥ስንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፥እምባን ኰርባን ኲሉ ትሕት ይበል፥ ጥውይዋይ ዝኾነ ኲሉ ትኽ ይበል ድንጉር ይተኻኸል፥ ሥጋ ዘለበሰ ኹሉ ኸአ ምድኃን አምላኽ ኪርኢ እዩ (ማር 3፡2-14)።

ወዲ ሰብ ካብታ ካብ አምላኽ ብኃጢአት ምኽንያት ዝወደቐላ መዓልቲ ንድሓር ንዝኾነ ነገር ኽገብር ምስንዳው አድልይዎ ምኽንያቱ ዓቕሙ ደኺሙ፥ ጸጋ አጥፊኡ ዝጠራጠር ዝፈርሕ ኮይኑ። በዚ ኸአ ከይተሰናዶኻ እትገብሮ ነገር ጸገማቱ በዚሑ። ድሕሪ ውድቀት እምብአር ንዝኾነ ዓቢ ውራይ ክንገብር፥ ቃል ኪዳን ክንአስር፥ ቆልዓ ክውለድ፥ ንሰላም ንውግእ፥ አብ ሕይወትና ክንዕወት፥ አብ አምላኽ ክንቀርብ ንሰናዶ። ኮታስ ከይተሰናዶና እንገብሮ ነገር የለን። ሕይወትና ኩሉ ጊዜ ዝተሰናደወ ክኸውን አለዎ። ኢየሱስ ጎይታኹም በየነይቲ መዓልቲ  ከም ዝመጽእ አይትፈልጡን ኢኹም እሞ ንቕሑ (ማቴ 24፡42) ይብለና። አብ ራእ 3፡3 ኸአ እንተ ዘይነቓሕካ ግና ከም ሰራቒ ኽመጽአካ  እየ፥ በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጸካ እውን አይትፈልጥን ኢኻ እናበለ ምስንዳው ከም ዘድሊ ይነግረና። ከምኡ ንግብርኻ አብ ቅድሚ አምላኽ ፍጹም ኮይኑ አይረኸብክዎን እሞ ንቑሕ ኩንነቲ ተሪፉካ ዘሎ ከይሞተ ኸሎ አበርትዓዮ ይብል። ኩሉ ጊዜ ምስንዳው የድሊ ንዝኾነ ነገር።

ሎሚ ክንሰናደወሉን ክንቅረበሉን ዘሎና ዓመታዊ ክብረ ብዓል እኖና ኪዳነ ምሕረት እዩ። ንክብሪ አደናን አደ መድኃኒናን ንዝኾነት ብፍሉይ ክንቅበላ ንአአ ዝበቅዕ መንፈስን ሕይወትን ሒዝና ክንቅረብ ክንሰናዶ የድልየና። ንእተፍቅሮ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ኮንካ ክትቅበሎን ክትጸንሑን ድርብ ሓጎስ ይፈጥር። አደኻ ብገለ ምኽንያት እንተ ገሸት ወይ እውን ንነውሕ ጊዜ ከይረአኻያ እንተ ሓለፈ ትናፍቓ ክትዛረባ ክትርእያ ትደሊ ንአደ ኹልና ዝኾነት ማርያም ድአ ክንደናይ ዘይንናፍቓ ስለዚ ሎሚ ነዛ እነኽብራ አደ ክንቀርባ ክንፈትዋ ክናፍቓ የድልየና። ብፍሉይ በዚ እዋን ብዓላ ብኽብሪ ክነብዕሎ ክንቅረብን ክንሰናደውን አሎና።

ማርያም ሉቃስ ከም ዝሕብረና ንሰባት ክትበጽሕ፥ ክትሕግዝ ግዚአ ዘልአ ኩሉ ክተገልግል ከም እትደሊ አብቲ ንኤልሳበጥ ዘመዳ አብ ዘርአየቶ ክንርኢ ንኽእል (ሉቃስ 1፡39-45)። ባህሪ ማርያም ባህሪ ምሕጋዝ ንዝተጸገሙ አብ ጎኖም ምዃን እዩ። ንኤልሳቤጥ አገልጊላታ እታ አብ ከቢድ ጸገም ዝነበረት ኤልሳበጥ ብሓገዝ ማርያም ብጽቡቕ ተገላጊላ፥ ርእሳ አብ እትኽእለሉ ምስበጽሐት ማርያም ንዓዳ ተመልሰት ይብለና። ሎሚ እውን ንሕና ሓገዛን ምብጽሓን የድልየና አሎ፥ ካብዚ ድነ ጸልማት አጽሊልዎ ዘሎ ህዉኽ ኩነታት ዓለምና ብተስፋ ብሓጎስ እንወጽአሉ ጸጋ ክትልምነልና ንዓድማ። ሎሚ ነፍሲ ወከፍና ጸጸገምና አብ ቅድመና ገርና ብጽሕኒ ሓግዝኒ ነገራት ከቢዱኒ ካብ ዓቕመይ ንላዕሊ ኮይንኒ እናበልና ንማርያም እንልምነሉ እዋን እዩ። አደ ስለ ዝኾነት አብቲ ዘሎናዮ ኩነታትን ቦታን ክትበጽሓና እያ ሓንትስ ንዓድማ እምበር።

አባ ቃና ዘገሊላ አብ ዝተገብረ መርዓ ማርያም ምስ ወዳ ተዓዲማ ክንደይ ዕድለኛታት እዮም ሰብ መርዓ ንአምላኽን አዲኡን ሓዋርያቱን ዝዕድሙ፥ መላእ ቤተ ክርስትያን ተዓዲማ ነራ ማለት እዩ። አብ

ሕይወትና ኣብ ሓዳርና ኣብ ቤትና ንማርያም ዓዲምና ንፈልጥዶ? ማርያም ጸገም ሰባት ርእያ ክትሕግዝ ነገራት ካብ ሕፍረት ናብ ክብረት፥ ካብ ጭንቀት ናብ ራህዋ ከም ዝሰግሩ እትገብር ኣደ እያ፥ እዚ ኸአ ነቲ ክአል ኩሉ ወዳ ብምልማን እያ እትገብሮ። ማርያም ጸገማት ሰባት ርእያ ትኽእል እያ። በዚ እያ ብሱቕታ ኣብ ወዳ ቅርብ ኢላ ጸገሞም ርአ ኢላቶ። ከአል ኩሉ ወዳ ኸአ ንልመና ኣዲኡ ኣየዕበሮን እኳ ድአ ብዝበለጸ ሰሚዕዋ። ኣብዚ እውን ተራ ማርያም ክንርኢ ንኽእል።

ብዓልና ዕብየትን ክብሪ ማርያምን ርኢና ደቂ ማርያም ዘብለና ክንገብር ኢና እነብዕሎ ዘሎና። በዳህን ቀንድን ሕቶ ብሓቂዶ ኣል/ወዲ ማርያም እየ ኢልና ክንሓትት እሞ ክንምልስ ነቲ ደቂ ማርያም ካብ ምባል ዓጊቱና ዘሎ ኣለሊና ክንክእል የድሊ። ኣብ ሉቃስ 15 ብዛዕባ እቲ በታኒ ወዲ ክነንብብ እንከሎና ወዲ ቤት ቤት ኣብኡ ጸሊኡ ዓዲ ጓና ናፊቑ ካብ ቤት ኣብኡ ወጺኡ ኣብኡ ወሪኡ ክሰምዓሉ ኣብዘይክእል ኣብ ርሑቕ ዓዲ ከይዱ ይብለና። መገዲ ጥፍኣት ዝሓዘ ሰብ መንፈሱ ቀልቡ ኩሉ ኣብ መገዲ ጥፍኣት ስለ ዘድህብ ክሓስብ ኣበይ እኸይድ ኣሎኹ? ስለምንታይ ካብ ቤት ኣቦይ ንላዕሊ ካልእ ናፊቐ ኣሎኹ? እንታይ እዩ ንፍቕሪ ኣቦይ ከይርእን ከየስተምቕርን ገፍቲሩ ሒዙኒ ዘሎ ኢሉ ስለ ዘይሓስብን ዘይሓትትን ካብ ጸልማት ናብ ዝገደደ ጸልማት ይጉዓዝ። እምብኣር ንሕና እውን መጀመርያ ነቲ ከይንርኢ ከዊሉና ዘሎ ምርኣይ የድልየና ደቂ ማርያም ከይንኸውን ኣጸጊሙ ዘሎ ምልላይ የድልየና።

ኣብ ልብና ከይተመለስና ንማርያም ዝበቅዕ ምቅርራብ ምስንዳው ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና። እዘን ትሽዓተ መዓልቲ እምብኣር ናይ ምቅርራብ ንድኽመተይ ንኽፍኣተይ ከለሊ እሞ ክንሳሕ ክነጽሕ ክሕግዛኒ ዝተዋህባ ዕለታት እየን ። ክንጥቀመለን እንተ ኾና ልብና ንኣምላኽ ክንከፍት ይግብኣና። ንማርያም ኣታትይኒ ድኽመተይ ኣለልየን ተቐቢለን ዝኽእለሉ ሓይልን ጸጋን ሃብኒ ኢልና ንለምና።

## ምቅርራብና ብሓቂ ትርጉም ክህልዎ ክንገብሮ ዝግብኣና ነገራት ኣሎ።

1. ኣብ ርእስና ክንምለስ ኣሎና። ኣብ ልቡን ቀልቡን ዝተመልሰ ክምለስ ኣይጽግሞን እዩ። ምስ ጽላሎቱ እናተዛረበ ዝኸይድ ጌና መገዱ ዝሰሓተ እዩ። በታኒ ውሉድ ኣብ ልቡ ምስ ተመልሰ እዩ ንጉዕዞ ንስሓ ጀሚርዎ። ነፍሲ ወከፍና በዚ ክቡር ብዓል ኣደና ኣብ ልብና ንመለስ ከመሎኹ ንበል። ናይ ገዛእ ርእስና ገምጋም ንግበር። ሕልናና ጉዕዞ ሕይወትና፥ ኣተሓሳስባና ኮታስ ኩልንትናና ንሕተት፥ ርእስና ንርአ ምስ ኣምላኽ፥ ምስ ሰብ፥ ኣብ ቤተይ ከመሎኹ ምባል የድሊ ኣሎ ደቂ ማርያም ዘብል መገዲ ክንሕዝ።
2. ዕብየትን ክብርን ማርያም ክርድኣና ኣለዎ። ኩሉ ጊዜ እትርእያ ወርጊ ኣይድምቕትን ዝብል ምስላ ኣሎ። ናይ ማርያም እንታይነትን ክብርን ዘይምፍላጥን ምቕባልን ንብዙሓት ኣብ ጸረ ማርያም ከምዝወድቁ ገርዎም ይርከብ እዚ ታሪኽ ዝነግሮ እዩ። ዕብየት ማርያም ብዙሓት ከምዝብሉና ኣብቲ ንኣምላኽ ሕራይ ብምባላ እዩ ዝምስረት። ትሕትናኣ፥ ኣብ ኣምላኽ ዘልአ ምእዙዝነትን ዕብየትን ክብሪ ኣምላኽን ጽቡቕ ገራ ብምርድኣ እዩ። ጓል/ወዲ ማርያም በዚ መገዲ እትጉዕዝ ጥራሕ እያ። ትሕትና መሰረት ናይ ኩሉ እያ። ማርያም ኣደ ኣምላኽ እየ ኢላ ርእሳ ክብ ኣየበለትን እኳ ድአ ብትሕትንኣ ትፍለጥ። ሉቃስ ወንጌላዊ ንኹሉ ኣብ ልባ ትዓቕሮ ነበረት ይብለና። ንሰናይ ነገር ኣብ ልብኻ ዓቑርካ ምኽአል ካብ ማርያም ንምሃሮ።
3. ንስሓ ኃጢአትና የድሊ። ሓደ ካብቲ ፍሉይ መለልዪ ማርያም ከምቲ ገብርኤል መልአኽ ዝበላ ኦ ምልእተ ጸጋ እግዚአብሔር ምሳኺ እዩ ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ. . . . መንፈስ ቅዱስ ኣባኺ ክወርድ እዩ፥ ኃይሊ ልዑልውን ከጽልለኪ እዩ፥ ስለዚ ኸአ እቲ ኻባኺ ዝውለድቅዱስ

ወዲ አምላኽ ክብሃል እዩ (ሉቃስ 1፡28-35) እናበለ ንጽሕና ማርያም ገሊጹልና። ደቂ ማርያም ምስ ወዳ ዕርቂ ክህልወና ካብ ኃጢአት ምንጻሕ የድልየና። ኃጢአትና ተአሚና ኣብ መንበረ ንስሓ ክነጽሕ እዋኑ እዩ።

4. ተጋደልቲ ክንከውን አሎና። ሕይወት ማርያም ወላ እኳ ጸጋ ዝመልአ እንተ ነበረት አብዚ ክፍአትን ኃጢአትን ዝመልአ ዓለም ትነብር ስለ ዝነበረት ዝተፈላለየ ፈተናን መከራን ወሪድዋ። አብ መጨረሻ ሓደ እተፍቅሮ ወዳ አብ መስቀል ከምወት እንከሎ ደው ኢላ ሽቃዩ ርእያ ተሳቕያ። አብ ሕይወት ብዝንነፈና ፈተና ስቓይ ካብ መገዲ አምላኽ ከይንወጽእ ክንጋደል ክንጽመም ክንዕገስ የድልየና። መስቀል ከቢዱኒ ኢልና መስቀል ክንቅይር አይግባእን። ጣዕሚ መስቀል ቀጺልካ አብ እትጾሮ እዩ ዝርአ። ዝጋድል እዩ ዝዕወት።

ሉቃስ ወንጌላዊ አብ ምዕ 3 ብዛዕባ ስብከት ቅ. ዮሓንስ ክነግር እንከሎ ንፍሉይ ዓላማን አብ ሕይወት ሰባት ተሓድሶን ለውጥን ክመጽእ ኽግበሩ ዘለዎ ነገራት ይነግረና። ቅ. ዮሓንስ ካብ ኢሳያስ 40፡3-5 ጠቒሱ ጎደና እግዚአብሔር ጽረጉ መገድታት እውን አቕንዑ፥ ስንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፥ እምባን ኰርባን ኵሉ ትሕት ይበል፥ ጥውይዋይ ዝኾነ ኵሉ ትኽ ይበል ድንጉር ይተኻኸል፥ ሥጋ ዝለበሰ ኹሉ ኸአ ምድኃን አምላኽ ኪርኢ እዩ (ማር 3፡2-14) እናበለ ኽግበር ዘለዎ ይነግረና። ቃላት ኢሳያስ ና ምጽንናዕ ቃላት እዩ፥ ነቶም ካብ ምርኮ ባቢሎን ዝተመልሱ ዝተዋህበ ቃል እዩ። አብ አምላኽ ክትመለ ዝግበር መገድን አገባብን ይነግረና።

ጎደና እግዚአብሔር ጽረጉ መገድታቱውን አቕንዑ። አብ ጥንታዊ ታሪኻት ነገስታት ንጉሥ ክመጽእ እንተ ኾነ አቕዲሙ ልኡኻት መገዲታት ከዓርዩ ክጸርጉ ዝነግሩ ይሰድድ። ቅ. ዮሓንስ ዝብሎ ዘሎ ምቅርራብ ናይ ልብን ሕይወትን ምቅርራብ እዩ ዝነግር ዘሎ። ንጉሥ ይመጽእ አሎ፥ ሕይወትኩም ቀይሩ እምበር መገዲ አይ ኮነን ዝቕየር። ንአምላኽ ዝኸውን ዝበቅዕ ሕይወት ነፍሰ ወከፍና  ክንቅርብ ንሕተት አሎና። ብዓልና ትርጉምን በረኸትን ክልዎ አብ ሕይወተይ ከቕንዖ ክጸርጎ ዝግብአኒ እንታይ አሎ ኢለ ንርእሰይ ኽሓትት አሎኒ።

ነፍሲ ወከፍና ዝጽረግ ዝጥጥሕ ነገራት ክህልወና ግድን እዩ፥ የብለይን ዝብል እንተሎ ንነፍስና ነመጻድቕ አሎና ማለት እዩ። ደፊርና ምስ ርእስና ክንዛረብ አሎና። አብ ሕይወተይ አብ አምላኽ አብ ማርያም ከይቀርብ ዓጊቱኒ ዘሎ እንታይ እዩ? ትዕቢተይ ክፍአተይ፥ ድንቁርናይ፥ አምሰሉነተይ፥ ዝሓለፈ ውዱቕ ሕይወተይ፥ ክንአድ ምድላየይ፥ ትህኪተይ፥ እንታይ እዩ፥ ነዚ ክንምልስ እንተ ኸአልና እቲ ምጽራግ ከቢድ አይ ኮነን። ሓንቲ ኩልና ክንቅበላ ዘሎና ይዕበ ይንአስ ዝጽረግ ነገር አሎና።

ትኽ ክብል ክቕንዕ ዘለዎ ነገር አሎኒዶ። ናይ ገለ ሰባት ልቢ ክትፈልጦ ቀሊል አይኮነን፥ ገለ ተንኮል ጥራሕ ዝሓስብ፥ ገለ ብግሩህ ዘረባ ዝተዛረቦ ትርጉም ሂብካ ከምዚ ማለቱ/ታ እናበልካ ክፍአት ምፍሓስ፥ ከይትፍለጥ ኢልካ ብኻልኦት ግሩሃት እትደልዮ ምግባር፥ ንኻልኦት አሕሊፍካ ምሃብ ናይ ዘመና ፋሽን እዩ። ጠዋይ ልቢ ንኹሉ ጸገም እዩ፥ ስለዚ አብዚ ብዓልና ልብና ትኽ ክነብል ክነቕንዕ ንሕተት አሎና።

ሽንጭሮ ይምላእ ኮረብታ ትሕት ይበል። ብኽፍአት ብቒምታ ብኃጢአት ዝጎድጎደ ልብና ሕይወትና ብጸጋ አምላኽ ክመልእ ትሕትና ለቢስና ክንሳሕ ዝዕድም ዕድመ። ጉድጓድ አብ ውሽጡ ዘሎ ብቐሊል አይትርእዮን ኢኻ ዘምጽኦ ጸገም ከቢድ እዩ፥ እዚ አብ መንፈሳዊ ሕይወትና እንአልሞ ተንኮል ክፍአት እዩ ዘመልክት። አምላኽ ብተንኮል ክንጉዓዝ አይደልን እዩ፥ ብርሃን ክንከውን እዩ ዝደልየና። ኮረብታ

ዝብል ነቲ ብትዕቢትና ብኽፍኣትና እነምጽኦ እዩ ዘመልክት። ዕቡይ ሰብ ዓይኒ ሕልና የብሉን፥ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ኣይርእን እዩ፥ በዚ እዩ ንስሓ ዝኸብዶ። ትዕቢት ኣብኣ ሰይጣን እዩ፥ ዝዕበ መን ከማይ፥ ኣነዶ ዝብል ሰብ ዓርኪ ሰይጣን እዩ። ካብ ትዕቢትና ወሪድና ማዕረ ሰብና ክንከውን ዘዘኻኽር ዕድመ እዩ።

ቅዱስ ዮሓንስ ነዚ ምስ በለ ዝሰምዕዎ ኣብ ንስሓ ኣትዮም እንታይ ንግበር እናበሉ ሓቲቶሞ። እትብሎ ዘሎኻ ሓቂ እዩ ከምኡ እዩ ዘሎ ሕይወትና ክንቅይር ንደሊ ኣሎና መገዲ ሓብረና እናበሉ ብትሕትና ሓቲቶም። ንሱ ኸኣ ከምዚ እልዎም፡

1. ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ግበሩ፥ ኣይትጅሃሩ፥ ደቂ እከለ ኢና ኣይትበሉ እናበለ ኣብ ንስሓን ሕድገት ኃጢኣትን ከድህቡ ነጊርዎም። መገዲ ንስሓ ሓዙ ተመለሱ ቀይሩ እናበለ ሕይወቶም መገዶም ክቕይሩ ነጊርዎም። ኣባና ክንምለስ ክንሳሕ ንሕተት ኣሎና። ኣተሓሳስባና ኣካይዳና ጨሪሽና ክንቅይር ኣሎና። ብዓልና ፍረ ክህልዎ ንስሓ መፍትሕ እዩ።
2. ተደናገጹ፡ ክልተ ኽዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ። እዚ ናይ ፍቕሪ ስራሕ እዩ። ንሓውኻን ሓፍትኻን ከም ርእስኻ ኣፍቅር ዝብል እዩ። ጸገም ሓውናን ሓፍትናን እና ረኣና ሱቕ እንተ በልና ጌና ጉዕዞ ድሕነት ኣይተተሓሓዝናዮን ኣሎና ማለት እዩ። ፍቕሪ መለለዪ ሕይወትና ክትከውን እንከላ ጥራሕ እዩ፥ ምቅርራብና ትርጉም ዝህልዎ።
3. እንታይ ንግበር ኢልና ክንሓትት ይግብኣና። ምልክት ንስሓናን ተሓድሶናን ምቅርራብናን እንታይ እግበር ኢልና ምስ ነፍስናን ምስ ኣምላኽናን ክንዛረብ ክንክእል ከሎና ጥራሕ እዩ ምምላስና ዝረጋገጽ። ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኣሎ እንታይ እግበር ክንብል ከሎና ባዕልና ሓንቲ ክንገብር ከምዘይንክእል ፈሊጢና ኣብ ኣምላኽ ከም እንምለስ ይገብረና። ሎሚ ሕይወትና ብሓቂ ተቐሪቡ ኣሎ ክንብል ነዚ ሕቶ ክነቕርብ እንተ ከኣልና ጥራሕ እዩ።

ኣብ ሓደ ዓቢ ሰብ ወይ ዓቢ ጉዳይ ክንከይድ እንተ ኾና ፍሉይ ምቅርራብ ገርና ብኹሉ ጸቢቕና ዘሎና ገርና ኢና እንኸይድ። ሎሚ ጉዳይና ኣብ ብዓል ማርያም ክንሓብር ምስ ከማና ዝበላ/ሉ ኮና ስም ማርያም ክንብዕል ኢና፥ ብሓቂ ዓቢ ጉዳይ። እሞ ብዓልና ቅድስና ዝመልኦ መንፈስ ዝመልኦ ክኾነልና እንታይ ንግበር። ንቀረብ ጸሎት ንግበር ኣብ ኣምላኽ ንመለስ።

መንፈስ ውሉድ ለቢስና ኣብ ኣደናን ኣደ መድኃኒና ቀሪብና ንኣኽን ንወድኽን ዝሰምዕ ልብን እዝንን ሃብኒ፥ ወድኺ ዝበለኒ ኽገብር ዑቕባ ኩንኒ ንበለ ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ